# ከረን

ብወልደስላሴ ተስፋይ ዕመር

ከረን እቶም እምባታትኪ
ምስ ጎልጎል መጋርሕኺ
እንተላይ ሩባ ድዓሪትኪ
ክዝክሮም እስኪ ክዝክሮም እስኪ

ከረን ጎቦታትኪ
ባህራውያን ሐወልቲ
ጽኑዓት ናይ ጥንቲ
ድልዱላት ቅናት
ብኹሉ መአዝናት

ጎቦ ላልምባ ብኹሪ ገዛ
ጠልን ማይን አብ ዝባንካ
ጣቓን ግመን ተጎልቢብካ
**ሰፈር አናብር አናብስ ዝነበርካ**
**ጊዜ አርኪቡ ዓቢርካ፡ ዓቢርካ**

ዘመን ምስ መለሰ
ዝናም ምስ አዝመረ
ዱር ምስ ዓመረ
ክምለስ'ዩ ግርማካ፡ አጆካ አጆካ

ጎቦ ሰንኪል
ቀጠልያ አክሊል
ማዕከን ክቡራት ማዕድን
እቶም ጽኑዓት፡ እምነ-ደናጎል
ዕርዲ ጓዛ ድማ
ቦታ ታህሰስ ጋባ
ዓዲ አውልዕ ጭዓ
ናፊቐዮ እቲ ጽላልካ
ናፊቐዮ እቲ ጽላልካ

ሰላማት ሰላማት፡ ጎቦ ዝባን
ናይ አክራናት አክራን
ኩምራ ዓበይቲ አኻውሕ
ሐቀኛ መቃልሕ
**ርእሲ ከረን፡ ጽኑዕ ሐበን**
**ርእሲ ከረን፡ ጽኑዕ ሐበን**

ጎቦ ይትዓብር
መን ከደፍር
ምብራቃዊት አፍደገ
ጽኑዕ ሕገ

ምስጢራውት ኩርባ
መን ክቐርባ

ሕዝእቲ ካብ ቀደማ

ሕዝእቲ ካብ ቀደማ

ሰላማት ሰላማት

ኅቦ ቃጸታይ

ድልዱል ኩርባ

ሰፊሕ እምባ

<u>ብዙሕ ኣብ ዝባና</u>

<u>ምሉእ ከብዳ</u>

<u>ታሪካዊት ብዓልቲ ዛንታ</u>

<u>ዘይብላ መሰታ፡ ዘይብላ መሰታ</u>

ኅልኅል መጋርሕ

ዓቃል ሰፊሕ

ቆፎ ብልቱግ ማሸላ

ዓውዲ ፋል ኣዳጉራ

ዓዲ ማንትለ ሰስሐ

ደምበ ኣጣል ኣሓ

<u>መጋርሕ እወ!!</u>

<u>ሰፈር ቀዳሞት</u>

<u>እቶም ሰብ ሐሞት፡እቶም ሰብ ሐሞት</u>

ሩባ ድዓሪት

ዛራይት ፈልፋሊት

ዓዲ ዘይቱን ብርትኳን

ሃወት ሐሊብ ሕቓን

ወለት ከረን ጻዕዳ

ሸነን ቲበል ክምራዳ

ዝድረፈሉ ታሪካዊ ሩባ

ድዓሪት መሰታ ከረን

ናይ ታሪኽ መኽዘን

ፈልፍልለይ ከም ቀደምኪ

ከርስኺ ከፊትኪ

በዞም ኩሎም ተኸቢባ

ድምቕቲ ዕንባባ

ቤት ትምህርተይ መርሐባ

ፍትውቲ ቤት ትምህርተይ

ዓንከል መተዓብይተይ

ቦክራ መማህርተይ

እቶም ዘዕበክና

ፈደል ዘቁጸርክና

እነና ተራኪብና

<u>ባህ ይበልኪ</u>

<u>ክብሪ ንዓኪ።</u>